# ኤርትራዊያን ስደተኛታት ኣብ ትግራይ

(ጌታቸው ረዳ፣ ኢትዮጵያዊ)
(ካልኣይ ክፋል)



A sample ID card. UNHCR/Kisut G.E.

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ጽሑፈይ፤ ስደተኛታታት ኤርትራዊያን ኣብ ትግራይ/ኢትዮጵያ ብስደት ምስተመዝገቡ UNHCR ብዝባሃል ሰብኣዊ ውድብን ARRA (Administration for Refugees and Returnee Affairs) ብዝተብሃለ መንግስታዊ ክፍሊ ጸጥታዊ ትካል (ሰክዩሪቲ ኣፓራተስ) ዝበጽሖም ዘይፍትሓዊ ምንክልባት ኣብ ዓዲ ሓሩሽ አጽሊላ ብእትርከብ ንጓል ጓለይ ኣብነት ገይረ ንዝበጽሓ ዘሎ ዘይፍትሓዊ ጸቕጢ ብውሱን ኣቃራርባ ንመንበብቲን፤ንኤርትራ ተቓወምቲን ደቂ ኣንስትዮ ማሕበራትን፤ ከምኡ ድማ ብሃገር ደረጃ ንARRA ላዕለዎት ሓለፍቲን እቲ ጉዳይ ጠመተ ሂቦም ፍትሒ ንክህቡሉ ኣብ ዜና ማዕከናት ጥርዓን ምቕራበይ ዝዝከር እዩ። እዚ ብዝምልከት ምስ ሓው ናዝ አሰናዳኢ ራድዮ ኤርትራ (መስከረም.ኔት) ቃል መሕትት ንክገብር ቆጸሮ ገይረ፤ አንተኾነ ግና እቲ ጉዳይ አሸበሸብ ፍትሓዊ መዕለቢ እንተገበሩሉ ብዝብል ሕዚ'ውን ካብ ምፅማም ዓዲ ኣይ ወዓልኩን። እቲ ቃል መሕትት ንጊዚኡ ኣብ ቃስታ ይጽናሕ ብዝብል ክሳብ መወዳእታ ውጽኢቱ ንክጽበ መሪጸ።

ዝኾነ ኮይኑ፤ እቲ UNHCR ዝተብሃለ ዓለም ለኻዊ ንስደተኛታት ዝሓልን ዝምግብን ዓለምለኻዊ ትካል፤ ከምትዝብሎ እንተዳአኮይኑ ስደተኛታት ካብ መንግሥቲ ጨንፈራት ንዝበጽሖም ዘይኑቡር አሳራሩሓ ከምዝማግኮተሎም ኣብ'ቲ ዘስፈሮ ዓለምለኻዊ ሕጊ በግልጺ ይንበብ (ፕሪቬንሺን ኤንድ ፕሮቴክሺን ኣብ ዝብል ዓለም ለኻዊያን ሀገራት ኣብ ዝፈረማሉ ማሕደር)። ኮይኑ ግና ኣብ ኢትዮጵያ ፈጺሚ ዓቕሚ ዘይብሉ ብARRA “ሳብዱድ”/ዝዕብለል ድኹም ውድብ ሙኻኑ ኤርትራዊያን ክፈልጡዎ ይግባእ። እዚ እውን ብመረዳእታ ኣብ ታሕቲ ከቕርበልኩም እየ።

ከም ጓል ጓለይን ካልኦት መሰል ስደተኛታት ኤርትራዊያን ብዝተፈላለዩ ጉዳይት ኮኑ ብርክት ዝበሉ ተመሳሳሊ ጉዳያት ብሰንኪ ሰራሕተኛታት ARRA ዝፍጠር ጌጋን ዕሽሽትነትን (ሬክለስ) ስደተኛታት አስማቶም ክምዝግቡ ከለዉ ባዕሎም እቶም መዝገብቲ ብዝገብሩዎ ናይ ሱዱዳት ሽም ወለዲ ኮነ፤ ኣስማት ስደተኛታት፤ ኣብ ኣማዛግባ ዝገብሩዎ “ጌጋ” ኣብ ህይወቶምን ኣብ ጉዳይ ኢሚግረሺን ከቢድ ማህሰይቲ ይበጽሖም ከምዘሎ ከምዝገለጽኩልኩም ይዝከር። ስደተኛታታት ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስከዱ፤ ኣብ ኢሚግረሺን ፓስፖርት ዝበጽሖም ከርተትን ማዕገት'ን (ሞሪቶርዮም) ፈጺሙ ብዓቕሚ ስደተኛ “ኢምፕሪግኔብል/ዘይካኣል/ዘይድፋእ” ከልበትበት እዩ። ብምኽንያት እዚ'ውን፤ ጠመተ ነክገብሩሉ ብዝብል ዝሓበርኩዎ ጥርዓን ኣብ እዚ መርበብ ሓበረታ እዚ ተለጢፉ ከምዝነበረ ዝዝከር እዩ። እቲ ዓለምለኻዊ ሕጊ ብዝጻረር መንገዲ ኣብ ልዕሊ ሱዱዳት ኤርትራዊያን ዝግበር ዘሎ መጽቀጥቲ ዘካይዱ ዘለዉ ድማ እቶም ባዕሎም ጌጋ እንዳመዝገቡ ስደተኛታት ናብ ሽቓለት ሃወሁ ዘጣኒይዎ ዘለዉ ባዕሎም እቶም ARRA (Administration for Refugees and Returnee Affairs) ዝተብሃሉ ጨንፈር ሰክዩሪቲ እዮም።

ንኣብነት እቲ ከልበትብትን ግፍዕን ዝበጽሓ ዘሎ ጓል ጓለይ፤ ኣዲኣ “ጓል ሓደ ዓመት” ከላ ገዲፋታ ናባይ ናብ ኣሜሪካ ምስመጸት፤ ምስ ኣዲኣ ንክትራኸብ ልዕሊ 15 ዓመት ምስ መንግስቲ ኢሳያስን ቤ/ጽት ኣሜሪካ ኢምግረሺንን ነከሳልጠላ ቡዙሕ ጽዒርና ኢና። ኩሉኹም ብእትፈልጡዎ ‘ሃገራዊ አግልገሎት’ ምኽንያት፤ ናብ ኢትዮጵያ ኮነ ናብ ኬኒያ ከይዳ ነቲ ካብ ኣሜሪካ ዝለዓኽናላ ናይ “ፋሚሊ ሪዩንየን” ናይ ኢሚግረሺን ከይዲ/ፕሮሰስ ቃል መሕትት መርመራ ንክትገብር ካብ ኤርትራ ከትወጽእ ኣይተፈቐደላን። መዝገባ ናብ ኬኒያ/ናይሮቢ ስለዝተማሓለፈ (ብኻ ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኬኒያ ሓዲማ ንብል ሕዚ) ክሓርር ስለዝኾነ ካብ ኤርትራ ንክትወጽእ ግድነት ነይሩ። ሃልኪ ዝኾነ ሓደገኛ ራውት/(ጣሕሳ መገዲ) ኣቋሪጻ ናብ ‘ታ ካልኤይቲ “ኤርትራ ኮይና ምስ ኣዲኣ ከይትራኸብ ሃልኪ ኲትናታ ዘላ ናብ ትግራይ ኣትያ!!”። ብድሕሪኡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዳ። አዲስ ኣበባ ፓስፖርት እቲ ሽም ኣዲኣ ምስ'ቲ ካባና ዝተልኣኸ ሰነድ፤ ስለዝተጋራጨወ፤ እንደገና ናብ ትግራይ ተመሊስኪ ከይድኪ፤ነቶም ሽም ኣዴኺ ዝመዝገቡዎ ሰባት “ቀይሩለይ በልዮም” (ንክእረም ቀሊል ጉዳይ ስለዝኾነ፤ ከእርሙልኪ እዮም ኢሎማ ማለት እዩ) ። ናብኡ ከይዳ፤ ተመሊሳ ናብ ሽክርክሪት/ ናብ ፕሮፐለር ዕንክሊል ኣትያ። ኣስተውዑሉ፤ ከምኣ ዝበሉ ብርክት ዝበሉ ኣብ ትሕቲ ሓንካስ ፍትሒ ዝሕምተሉ ስደተኛታት ኣለው።

ኣብ ሽረ ምስ ዘሎ ሓላፊ “ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር” ኣብ ልዕሊ ሱዱዳት ኤርትራዊያን ዝበጽሕ ዘሎ ምንክልባትን ጸቕጢን ክትምክትዎ ኣለኩም ፤ ኢለ ብዙሕ ከርከባ ብኢመይልን ስልክን ተማላሊስና ኢና። ዓቕሚ የብልናን፤ ሽም ኣዲኣ ክእርሞ ዝኽእል ስልጣን ዘለዎ ትካል “ኣራ” እዩ። ጌጋ ዝገበሩዎ ንሶም ስለዝኾኑ፤ ንሕና መዝጊቦም ዝሐቡና “ባዮ-ዳታ’ ኢና እንምዝግብ፡ ንወገን'ና ግና ናብ ኣዲስ ኣበባ ንክንወስዳ ድሉዋት ኢና፡ ኢሎም ቡዙሕ ደብዳበ ተላኣኢኽና (መዝገባ ልዕሊ ክልተ ዓመት ኣብ ናይሮቢ ጸኒሑ ስለዝሓረረ፤ ብኽንደይ ሙጉት ከምዝሕደስ ገይረ። ከኒያውያን ሕያዎት እዮም። ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ምስተሰደደት፤ ተመሊሳ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኣሜሪካ ኤምባሲ

ከምዝማሓለፍ ስለዝተገብረ፤ ኣሜሪካ ኤምባሲ ኣበይ ከምዘላ ይፈልጥ እዩ)፡፡ከም ‘ቲ አቐዲመ ዝገለጽኩልኩም፤ ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስከደት ፤ፓስፖርት ኣይንህበክን፤ ንክፍቀደልኪ ናብ ትግራይ ቤት ጽ/ት ኣራ ካይደኪ ኣርሙለይ በልዮም፡ ኢሎም ናብ ትግራይ መሊሶማ (ራውንድ ትሪፕ/2000 ኪ/ሜ)!

*(መቸም 1000 ኪ/ሜትር ካብ አዲስ አበባ መሊሳ ናብ ትግራይ ካልኣይ እግራ ብኡቶቡስ ተጓዒዛ ንሓንቲ ካብ ኤርትራ ዝመጸት ምሰኪን ሓገሩን፤ሩባን፤ ቋንቋን ዘይትፈልጥ፤ ወጻእተኛን ስደተኛ መንእሰይ እቲ መገሻ ከመይ ከቢድ ከምዝኸውን ገምትዎ ። እሞ ኢትዮጵያ እንዳ ኣቦ ሓጎኣ ማለት እዩ!!!!! እዝ ኹሉ ሸንከለል።)*

ዩ ኤን ኤች ሲኣር ዓቕሚ የብልናን ምስበለኒ፤ ኣብ ሓደ ጨንፈር ‘ኣራ’ ቤት ጽሕፈት ደዊለ ኋል ኋለይ ዝበጽሓ ዘሎ ምንክልባት ወንጀል ኣይሰርሐት፤ ገበን ዘይብላ ኋልና (ዓዲኣ ብሐደ ዓመታ ኮላ ዝገደፈታ) ካብ ሰብኣዊነት ዝረሓቐ ግብሪ “ኣራ” ዝፍጽም ዘሎ ግፍዒ፤ ብወለዲን ብፈጣሪን ቁቡልነት ከምዘይብሉ ፤ቀልጢፎም ክረድኡዋ እሞ ናብ ኣዲኣ ክትመጽእ እቲ ጉዳይ “ብሰብኣዊነት” ብህጻጽ ንክርእዩዎ እምሕጸኖም።

ዋእ! ዝገርም ተጓንፎ ይገጥመኒ። ሕቶ! መን ክብል? ይብለኒ ሓታትየይ “መንነተይ ይገልጸሉ”። ኣሃ! ሓቀይ ድየ ንስኻ ዲኻ ኣብ መስከረም ዌብሳይት “ኤርትራዊያን ዝበጽሖም ዘሎ ምንክልባት ጽሒፍካ ነይርካ?” ይብለኒ። ኣይተጋገኻን እወ፤ ኣነ እየ። እብሎ። ጹሑፈይ ጉጉይ ሙኻኑ፤ ኣቐዲመ ንዓዓቶም/ን ኣራ ከመልከትን ከዛራርብን ከምዝንበረኒ እሞ ፍትሒ ክዋሃባ ከምዝነበረ ይገልጸለይ። ካልእ ካልእ.... እውን ንዛራረብ። ርግጽ እቲ ዘዛራረብኩዎ ወዲ ሕያዋይ እዩ። ከምቲ ዝበለኒ “ንሕና ክንገብራ እንኽእል እንተልያ፤ ከንግበራ ንኽእል ኢና ንሕና ክንገብራ ዘይንኽእል እንተዳኣ ኮይና ግና ናብ ዝምልከቶም (ቤት ፍርዲ ማለቱ ከምዝኾነ ኣቐዲሞ እቲ ሓንካስ ስራሕቶም ስለዝፈልጦ፤ ቅድሚ ምዝራቡ እንታይ ከምዝብል ፉሉጥ እዩ ነይሩ። ግና ዘረብኡ ኣወዲአዮ።) ኢና ከይድኪ ጉዳይኪ አፈጽሚ እንብላ ይብለኒ። ኣነ ድማ፡’ እቲ እትብሎ ዘለኻ’ኮ እዩ ዘጽሐፈኒን ዘማርረኒን ዘሎ። እዚ ምኢቲ ጊዜ ካብ አዲስ አበባ ጀሚርካ ክሳብ ናባኻን አንዳባጉናን ዘለው ሰብ ‘ኣራ’ ዝሰማዕኩዎ “ምቅብባል” ቁሩቁስ እዩ። ዋላ ሓንቲ ሰብኣዊነትን፤ ፍትሒን “ኮመን ሴንስን” ተደሪኹ ሓለፊነት ወሲዱ ዝውስን ክሳብ ሕዚ ኣይራእኹን።

እታ ጓል ን መይ 9/2015 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክትርክብ ከምዘለዋ ካብ ኤምባሲ አሜሪካ ንቪዛ ክትዳሎ፤ካብ ኤምባሲ ኣሜሪካ ደብዳበ ተላኢኹዋ እዩ።

*(ቅድሚኡ ግና ፓስፖረት ከተውጽእ ከምዘለዋን መዲካል ቼክ ኣፕ ክትፈጽም ከምዘለዋ ዝሓቶ ጊዜ ተረድኡዎ”” እሞ ኣብ ከተማ አዲስ ኣበባ! እሞ ስደተኛ! እሞ ድማ “እዝና” እንተቐረጹዋ “ቋንቋ ኣምሓርኛ” ዘይትዛረበሉ ከተማ, ኣብ ውሽቲ ሰሙን እንታይ ክትፍጽም ትኽእል? ሕዚ’ውን ኣብ ትግራይ ላጇን ዓዲ ሓሩሸ ኣላ)።*

እቲ ጉዳይ ኣብ ዘለኹዎ ሃገር ኮይነ ዝካታተሎ ዘለኹ ኣነ እየ። ስለዝኾነ እውን “ኣብ መርበብ ሓበሬታ ከም መጠን ስድራ ቤት “መረረተይን ጥርዐነይን” እንተዳኣ ምግላጸይ ዘይጠአመኩም ነይሩ፤ እሰከ እንሄለት እታ ጉዳይ ኣብ ዱርኩኺት ቤት ጽሕፈትካ ኣቐሪበያ ኣለኹ፡ ሃየ! እብሎ ነቲ ኣብ “ዓዲ ሓሩሽ” ዘዛራረብኩዎ ናይ “ቤት ጽ/ት ኣራ” አፊሰር (ተወካላይ) ። እዚ ካብ በልካ፤ እቲ ሽም አዲኣ ንክእረም ሑጹጽ መአረምታ (አክስፐዳይት) ንክግበር እንታይ ውሳነን ምትሕባበርን ክትገብር ትኽእል?” እብሎ። ጽባሕ ናብ ቤት ጽ/ቤትና ከምትምጽእ ተዛረባ ይብለኒ። ሕራይ ኢለ ንሳናበት። እቲ ወዲ ሓላል እዩ፡፤ ክፉእ የብሉን። ከምትዝተብሃልናዮ ናብ ቤት ጽሕፈቶም ከም’ትኸይድ ንገብር። ዕለት 1/2015 ትኸዶ ፤ ከምታ ዝገመትኩዋን ዝተለምደት ቁሩቁስ ጻውቲ ምስ ቤት ፍርዲ ክትገጥም ይዝረባ። ሰሚዕኩም ዶ?! ናብ ቤት ፍርዲ ንኽትከይድ ይዝረባ። እሞ ነቲ ቤት ፍርዲ “ሑጹጽ” ጉዳይ ስለዝኾነ፤ ሑጹጽ ምትሕግጋዝ ንክግበረለይ መሐበሪት ወረቐት ግበረለይ ‘በጃኻ” ትብሎ። ዋእ! እንታይ ኣእተወካ እንተበለኒኸ? ይብላ። ጓል ነዚ ሕቶ’ዚ እንታይ ትመልሸሉ? ሕራይ፤ ካብ በልካስ፤ ኢላ ናብ ገዛኣ ትምለስ ማለት እዩ። ብሰብኣዊነትን ብምምሕዳርን ሱዱዳት ከይንካላበቱ ብሓለፍነት ዝምልከቶ ሙኻኑ ነቲ ዳኛ “ምትሕግጋዝ” ንክግበረላ ሕንጻጽ ወረቐት ምጽሓፍ እቲ ዘካይድዎ ዘለዉ ትካል ዕላምኡ ንሱደድ ከገልግል ዝቖመ ሙኻኙ ብዙሕ ዝተረዱኡዎ ኣይመስሉን። እቶም ኣማሓደርቲ፤ ደሞዞም መን ይኸፍሎም ፤ እቲ ባጀት ካበይ ይስላዕ? ኩሉና እንፈልጦ ጉዳይ እዩ። ካብ’ቶም ንሱዱዳት ዝላኣኽ ሓገዝ እዩ!

ስደተኛ ኣብ ዘይሃገሩ፤ ኣብ እንደማቱ ቤት ፍርዲ፤ ንጸሓፍቲ መመልከቻ ከፊሉ፤ ንዳያኑ መሳለጢ ከፊሉ፤ ኣምሓርኛ ንዝዛረቡ ዳያኑ መስተርጎሚ ደልዩ (ማይ ፀብሪ ጎንደር ስለዝነበረ ኣነ ካብ’ቲ ዝረኸብኩዎ ሓበሬታ እቶም ዳያኑ ቋንቆኦም አምሓርኛ እዩ ኢለሙኒ) ‘ንሳሪሃ ማሪሃ’ ጋዕ ገልጠምን፤ ቤት ፍርዲ ዝሓቶ ገንዘብ ዝሸፍኖ መን እዩ?! ካብ ጁባ ስደተኛ! እቲ ሱዱድ እንታይ እዩ ኡቶቱ? ሑሩጭ ስርናይ! እቲ ቤት ፍርዲ ካብ’ቲ ላጇን፤ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ። ማይ ፀብሪ ይባሃል (ናይቶም ካልኦት ካምታት እሞ ቤት ፍርዲ ኣብ ጥቐኡ ፈጺሙ የለን)። ስደተኛታት ዝመርሖም ሰብ የብሎምን፤ ብአእጋሮም እዮም ዝገሹ።ማይ ዝናብ ይወቅዕ፤ ኣጓብዝ ኣብ መንገዲ ክህሉዉ፤ ጨወይቲ ክህልዉ፤ መን እዩ ተሓታታይ? ብዓይኒ እቲ ዘዛራረብኩዎ ናይ ‘ኣራ’ ውልቀሰብ፤ ከም ውልቀሰብ ጌጋ የብሉን።

ኢትዮጵያዊ ስለዝኾንኩ እቲ ስርዓት እፈልጦ እየ። ነቲ ስርዓት ዝመርሑዎ መብዛሕቶም “መታዕቢተይ፤ጎረባብተይ፤ የዕሩኾይን መማህረተይን እዮም። እቲ ጌጋ ናይቶም ኣብታሕቲ ዘለው ውልቀሰባት ዘይኮነስ “ባሕሪ ናይቲ ስርዓት” እዩ።

እቲ ጌጋ ዘሎ ኣሳራራሓ ናይ ‘ኣራ’ እዩ ። ‘ኣራ’ ዝገበሮ ጌጋ ኮነ፤ ኣብ ኬላ ዝርከቡ ወታሃደራት ዝገበሩዎ ኣማዛግባ ጌጋታት ቤት ፍርዲ ከይድኩም ናይ ወለድኹም ስም መን ሙኻኑ ኣመስክሩ ኢልካ ንመናእሰይ ስደተኛታት ክዝረቦም ከምዘለዎም ባዕሉ እቲ ስርዓት ዝገብሮ ዘሎ ካብ ሰብኣዊነት ዝረሓቐ፤ ሱዱዳት ናብ ወጻኢ ከይሳገሩ ኮነ ተባሂሉ ዝፍጸም ማሕለኻ እዩ። መሳኻኽር ክርክብ ዘይክእልከ ካብ ኣስመራ? ካብ መንደፈራ፤ካብ ከረን፤…. ንዑ መስክሩለይ ኢሉ መሳኻኽር ክጽውዕ?!

*(እቲ ትካል ክዕጾ ኣይደልዩዎን።ስለምንታይ ማሃያ ቀለብ መርከቢ እዩ። እቲ መንግስቲ እውን ቡዙሓት ተጋሩ ኣብ’ቲ ትካል ስራሕ ከፊቱሎም እዩ። ብናይ ‘ኣራ’ ዝሰላዕ ባጀት ዘይኮነስ ብናይ UNHCR (ካብ ህዝቢ ዓለም ዝእከብ ገንዘብ ማለት እዩ። ኣነ እኳስ ኣብ ሓደ እዋን ረዲኤት ሂበ እየ። ግን እዚ ንፍደ’ለና።)*

ስደተኛታት ኣብ ዘይሀገሩ፤ መሳኻኽር ኣምጽእ ኢልካ ንክትውስነሉ ብምንታይ መበገሲ ዓለም ለኻዊ ናይ ሱደዱዳት ሕጊ ተሞርኪዞም እዮም ናብ ቤት ፍርዲ ከይዶም መሳኻኽር ካብ ኤርትራ ከምጽኡ ዝግደዱ ዘለው? መሳኻኽር ከምጽእ ወይ ክርክብ ተዘይክኢሉኸ እታ ዕዱሉ እንታይ እያ? ጅሆ/ሆስተጅ!? መዋእል ኣብ ትካል ላጂን ኣጽሊልካ፤ ቁንጣሮ ሑሩጭን ዘይትን ኣንዳተመጽወትካ ዕድመ ምንእሰይን ትኩስ ሕልናን ክሕምሽሽ ስለምንታይ ተደልየ? ስድራቤታት እዚን ወደዚን ዘየማረረና ኣንታይ ዘማርረና ክህሉ ይኽእል? እሞ ኻኣ እታ ጓል ጓለይ ካኣ ኣዲኣ “ጓል ሓደ ዓመት” ከላ ዝገደፈታ እያ (እቲ ጭካነ ናይቶም ኣራ ራኣይዎ’ሞ!)።ኣብ ኤርትራ ከላ፤ ለይትን ቀትርን ብንብዓት መዋእላ ኣሕሊፉቶ፤ ሎሚ ድማ ኣብ ትግራይ ኣብ ትሕቲ “ዘይተአወጀ” ቀይዲ/ሆስተጅ/ጅሆ ኣትያ፤ ኣብ ላጂን ኰይና ንእስነታ ንክሕምሽሽን ናብ ጽላለ ንክተምርሕን ምግባር ካብ እዚ ዝኸፍኤ መንግስታዊ ገበን ኣነ ኣሎ ኢለ ኣይግምትን። እዚ ግህሰት እዚ “ሪሰርቸራት” ከይዶም ተዝምርምሩዎ ክንደይ ኤርትራዊ ስደተኛ ናብ ቤት ፍርዲ ከይዱ ይንካላተው ከምዘሎን ፤ተስፋ ስኢኑ ናብ ካልእ የድህብ ከምዘሎ ከራጋግጹ ንኻኣሉ። እዚ ድማ ብግልጺ ኣብ ቤት ፍርዲ ኪዱ ዝተብሃሉ መሊኦም እዮም። ናይ ሓደ ሰብ ግሕሰት ናይ ኩሉ ሱዱድ ግሕሰት ሙኻኑ ኡኹል እዩ።

እቲ UNHCR ናብ ቤት ፍርዲ ወሲዱ ፤መመልከቻ ዝጽሕፉሎም ደልዩ ፤ሓለዋ ገይሩ ዘድሊ ናይ ቤት ፍርዲ ኪሳራ ባዕሉ ከፊሉ ክካላኸለሎም እዩ ኢልካ ዝሕለም ኣይኮነን። ንፆፆም እውን ኣዛራሪበዮም እየ። ክንደይ ምልልስ ተባጺሕና ኢና። ንባዕሎም እውን ዓቕሚ ከምዘይብሎምን ብ ‘ኣራ’ ከምዝውነኑ ግልጺ እዩ። ኣነ ጥራሕ ዝብሎ ዘይኮንኩስ፤ ብጽንዓት ዝተራጋገጸ መረዳእታ ሒዘ እየ። ንኣብነት ኣብ ለምቅነ ኣብ ኣርባዕቲኡ ናይ ኤርትራዊያን መዕቆቢ ኣብ ቡሙሉኣን ዘለው ሰራህተኛታት UNHCR ናብ’ቲ ‘ካማፕ’ ንከይኣትው ተኣጊዶም ቀኒዮም እዮም። ካልኣይ ሰሙኖም ሒዞም ኣለው። ቤት ጽሕፈቶም ዑጹው እዩ። ኣራ ክሳብ ክንድዚ ከቢድ ወናንነት ትዕቢት ኣለዎ፡ ስለምንታይ? ኣቐዲመ ከምትዝገለጽኩዎ መንግስታዊ ማሓውር ጸጥታ፤ ኣብ ህይወት ሱዱዳትን፤ ዩ ኤን ኤች ሲ ኣርን ልዕልነት ስለዘለዎ።

ኣብ ሱዳን ዘነበርኩም ሰባት ሱዳን ክንደየናይ የሐንቅቑናን ምስ ነበርቲ ንነብር ከምዝነበርናን ትዝክሩዎ ኢኹም (ዋላ ሱዳን ዋላ ምስ ኢትዮጵያ ጎንጺ ኣብዝነበረሉ እዋን) ። ሎሚ ወያነን ሻዕቢያን መንግስትነት ምስ ሓዙ “ሱዳን ንስደተኛታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ‘ገሃነብ’ ከምዝኾነቶም እፈልጥ። እዚ ንምርኣይ ምስ ናይ ቀደም መንግስቲ ፀጥታ ሱዳንን ስደተኛን፤ ምስ ARRAን ኣታኣላልያ ሱዱዳትን ፍልልዩ ንርኣዮ። እስኪ ARRA (Administration for Refugees and Returnee Affairs- ጉዳያት ስደተኛታት ምምሕዳር) ብዝተብሃለ መንግስታዊ ትካል (ሰክዩሪቲ ኢፓራተስ) ኣብ ልዕሊ UNHCR ዝገብሮ መጽቀጥቲን ንዕቀትን ብመረዳእታ እንታይ ከምዝመስል ንርኣዮ፡- እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት “ሬድ ሲ ፊሽር ካብዝተብሃለን ካልኦት ሪሰርቸራት ካብ ዝመዝገቡዎ ሰነዳትን” ዝረኸብኩዎ መረዳእታ ንርኣይ፡

Webster points out ARRA’s unusual level of control over refugee operations within Ethiopia:

> “In contrast to the asylum systems of neighboring countries, the role that Ethiopia assumes is quite unique. Despite being one of Africa’s poorest countries with the third largest population, Ethiopia’s governmental refugee agency, the Administration for Refugee and Returnee Affairs (ARRA), performs most of the functions that UNHCR does in the rest of Africa…The Ethiopian government does not conduct individual refugee status determination per se. In the case of Eritrean refugees, ARRA conducts “screening” of individuals soon after crossing the border, at Inda Abaguna.”
>
> …..even UNHCR itself, referring to its international staff, is almost entirely manned by Ethiopians (this means their international staff).

…Of those who complained of serious discrimination and those who expressed positive experiences with Ethiopians, there was a unanimous declaration of mistrust of Ethiopian officers at the various agencies responsible for refugees. ARRA, as an Ethiopian state agency, is staffed entirely by Ethiopian nationals. In addition to this, the vast majority of UNHCR staff members are Ethiopians.

Notably, this doesn't even include all of the Ethiopians staffing UNHCR headquarters and crafting destructive policies towards Eritreans to ostensibly ensure Ethiopian "national security." It's no secret that the EPRDF government of Ethiopia, the poster-child for the humanitarian-industrial complex financed by mostly by Western donors, has many of its nationals commanding humanitarian aid organs and developmental bodies.'

"…..we do note that ARRA, as an organization, falls under the purview of the Ethiopian National Intelligence Security Service. (US Chargé d'Affaires Deborah Malac, in a 2008 Wikileak ) Another leaked US diplomatic cable from Addis Ababa sent in February 2010 and marked "confidential," describes ARRA's arrest and summary execution of Eritrean refugees in the camps and denial of UNHCR's request to access the arrested. The cable concludes that the actions by ARRA "suggests an increase in targeting refugees in violation of the GoE obligations as party to the 1951 Refugee Convention Relating to the Status of Refugees, the 1967 Protocol, and the 1969 OAU Convention on Refugees."

" leaked US diplomatic cable from Addis Ababa sent in February 2010 and marked "confidential," describes ARRA's arrest and summary execution of Eritrean refugees in the camps and denial of UNHCR's request to access the arrested. The cable concludes that the actions by ARRA "suggests an increase in targeting refugees in violation of the GoE obligations as party to the 1951 Refugee Convention Relating to the Status of Refugees, the 1967 Protocol, and the 1969 OAU Convention on Refugees."

' 2015 report by the United Kingdom's Department for International Development entitled "Support for Refugees in Ethiopia: 2012-2015." The report states, "there are concerns that ARRA at times dictates refugee policy and operations to UNHCR from a standpoint of national security as opposed to International Refugee Law, resulting in compromised levels of assistance and protection for some groups. Reporting and accountability for the majority of UNHCR funds that are channeled through ARRA for administration and operations has also been the subject of donor concern."

ይብል ብዛዕባ መንነትን ትዕቢትን ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስደተኛታት ምምሕዳር "Administration for Refugees and Returnee Affairs ውሽጣዊ ባሕረታት ኣብ ልዕሊ UNHCR ኮነ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ዘርእዮ ዘሎ ጸብለልነት ። በዚ መለክዒ'ዚ ስዱዳት ብዝተፈላለየ ብልሽዊ ምምሕዳር ንዝበጽሖም ጸገም ኣብ ዘይፍልጡዎ ቤት ፍርዲ ኪዱ እንዳበለ ብዘይ ሓጋዚ/ብዘይጠበቓ ብARRA ትእዛዝ ከርተት ክብሉ ዝግበር ዘሎ ካብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝራአናዮ "መን ይሓተኒ" ምሽንዳሕ ዝተበገሰ እዩ። ፤ መጽቀጥቲ በጺሑና ኢሎም ሰደዳት "ን ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር" እንተጠርዑ'ውን (ከም'ቲ ንሕና ስድራ ቤት ን UNHCR ዝጠራዕናዮ፤ እሞ ማይ ዝዓሞኹናሉ ውፅኢት) UNHCR ኣኳይ'ዶ መሓውር ጸጥታ ጨንፈራት ስርዓት መንግስቲ ወያነ ኣብ ልዕሊ ሱዱዳት ዝፍጸም መጽቀጥን ግፍዒን ንክምክት፤ ንባዕሉ እውን መሰል ከምዘይብሉ ካብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝራኣናዮ መረዳእታ እኹል እዩ።

ARRA በዝኾነ ይኹን ምኽንያት ንሱዱድ ክኣስር ከሎ፤ ቤት ጽሕፈት UNHCR ምስክር ከይኸውን ናብቲ ካምፕ ኣባላት 'ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር' ፈጺሞም ከምዘይኣትው ቤት ጽሕፈቶም ዑጹው ከምዝገብር ኣብቲ ላዕሊ ዝራአናዮ እዩ። ኣነ ኣውን ከምቲ ብዘለኒ ርክብ 'ቲንክ ታንክ ሪሰርቸራት ማዕከን' ኣብ ቀረባ ዝረኸብኩዎ ሓበሬታ፤ ኣርባዕቲኡ መጽለሊ ኤርትራዊያን ስደተኛታት ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ ጉዳይ፤ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት/UNHCR ዓጽዮም ከይኣትው ገይረሙዎም እዮም። እዚ ግህሰትን ትዕቢትን'ዚ ክትመዝን እንከለኻ ስደተኛታትን ስድራ ቤታት ስደተኛታትን ኣብ ከመይ ዓይነት ጸበባን ጻዕረ ሞት (ፍራስትሬሽን) ከምዘለና ምዘኑዎ። ዻል ዻልና ካብ "ዘይታአወጀ" ሕልናዊ ቀይዲ/ጅሆ/ሆሰተጅን ጭንቀትን ንብዓትን፤ ነፃ ኮይና፤ ፍትሒ ክሳብ እትረክብ፤ መረረትናን ጻዕርናን ዻሂናን ቀጻሊ እዩ። ሎሚ'ውን ደጋጊመ ክሕብር ዝደሊ ፤ኤርትራዊያን ተጣበቕቲ መሰል ደቀንስትዮን፤ ዝምልከቶምን ዜጋታት ኣብ ጎንና ደው ከምዝብሉ ጻውዒት ንገብር። እዚ ኣብ ልዕሊ ሱዱዳት ኤርትራዊያን ዝትግበር ዘሎ "ዘይታኣወጀ ቀይዲ" ፍታሕ ክሳብ ዘይተውሃቦ እዋን፤ ኣብ ቀጻላይ ጹሑፈይ ኩነታት ንከብረሃልኩም ክምለስ እየ።

እዚ ጹሑፍ እዚ ከዳሉ ከለኹ፤ ዝበጽሐኒ ዜና፡

“ኣራ” ከም በደዊን ዓዕራብ ንስደተኛታት “ሡይፊ” ብዘይሓዘ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ከምዝስእኑ ብምግባሩ ምኽንያት ትማሊ May 3, 2015 ኣብ ማይ ጸብሪ ቤት ፍርዲ ቀሪባ “ኤርትራዊት ስለዝኾንኪ፤ ኣብ ቤት ፍርዲ ኢትዮጵያ ጥርዓን ከተቕርቢ መሰል የብልክን” ኣዴኺ ባዕላ ካብ ኣሜሪካ መጺኣ ሽማ ክትቅይር ክትጠርዕ ኣለዋ” ኢሎም ኣሳናቢቶማ ከምዘለው ሓበረታ በጺሑኒ ኣሎ። ከም ሆሰቴጅ ተታሒዛ ዘላ ጓል ጓልና ነፃ ክሳብ ዘይወጽት ገድልና ይቕጽል……

ዓብ ሙሉእ ዓለም ፋሕ ኢሎም ኣብ ስደት ዝርከቡ መንእሰያት ብርሃንን ቅሳነትን ንክርእዩ ንምነ!
ጌታቸው ረዳ (አሰናዳኢ Ethiopian Semay) ደራሲ ሓሙሽተ መጻሕፍቲ። getachre@aol.com

ኢትዮሚድያ - Ethiomedia.com
June 3, 2015